ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ جبهة التحرير الارترية

Eritrean Liberation Front

# ናይ ሓዘን መግለጺ
# ብምኽንያት ዕረፍቲ ዓሊበኺት ዓንዶም





ዓሊበኺት ዓንዶም ሓርበኛ መንእሰይ
መኽበሪ መቓልስቱ ኣቦይ ኣያይ በሃላይ
ብመራኺቢ ብዙሓን ተረደኤ ዋይ ወደይ
ምእማኑ ኣሸጊሩኒ ኣይኣመነትን ነብሰይ**
ኣታ ወዲ ሰንሒት ሃገራዊ ወደየ
ንዓሊበኺት ዓንዶም ክብለሉ ወየ
ኣንታይ ረኺብካ ኣይበልካንዶ ሓውየ**
ፈለማ ሌላና ኣድሚን ኣብ ልቶክ ስመር ከለኻ
ደላይ ሓርነት በዓል ጽኑዕ መስመር  እወ ንስኻ
*ፈላጥ የ ዘይብል መዓዱኒ እንበር ሓይል ልቦናኻ*
ዓሊበኺት ግርጭት ዘይፈቱ
ጸዊዓትካ ዶ ዓለም ኮንቱ
ኣፋኑውኒ ኮይኑ ንምሽቱ..
ካብ ዓዲ እንግለዝ ከም ዝሓበርካኒ
ሽግርኩም  ብተለእፎን ምስ ኣዕለልካኒ
ከም ኣቦ ሐሳብኩም  ሃቡኒ ምስ በልካኒ
ኢለካ ካብ ተሞኩረይ ማዕዳይ ተቐበለኒ*
ኢሂን ምሂን ተባሃሂሉ ማዕዳይ
ንፋስ ኣትወኩም ካብ ኣባይ

*ኣብ ዘተ እሙኑ ያዕ በልዎ ምፍልላይ*
እዚ እዩ ዝነበረ ለበዋይ..
ኣብ 2012 ኣብቲ ርሱን እዋን
ኣብ ጀነቭ ተኣኪብና ፍትሐዊያን
ምስ መከትናዮም ንህግደፋዊያን..
ዓሊበኺት ዓንዶም ሐርበኛ
ሰላማዊ ሰልፊ ምስ ወዳእና
ኣቦይ ወደይ ተባሃሂልና
ካብ ዋጭ ዋጭ ግዳም ወጺና
ተዘኪሩኒ ናይ ጀነቫ ዕላልና**
መንእሰይ በዓል ምሉእ ዓቕሚ
ኣይኣመንኩን ሐቂ ድዩ ሕልሚ
ተቓላሳይ ዓሊበኺት ከሲርና ሎሚ **
ዕባይ እንጭናቕ ዶ ክብሎ ንዓሊበኺት
ወዲ ቶም ሐርበኛታት ወዲ ሰንሒት
ኤርትራዊት ኣደ ንዉሉዳ እንዳ ተጸበየት
*ነቲ በሊሕ ናይ መጻኢ ኣርሒቑ ዝጥምት*
ዓሊበኺት ወደይ ኢላ ዓሊላ
ነዓኻ ዘዕበየት ኣደ ሐዚላ
ኣደ ዓሊበኺት ሎሚ ተበዲላ**
ኑሑስ ዓቢ ዘይትፈሊ እዛ ዓለም
ሐርበኛ ኑሑስ ዓሊበኺት ዓንዶም
ታሪኽካ ነባሪ እዩ ንዘለኣለም**
ወየ ወየ ምፍልላይ ኮነ ሐጺሩ መዋእል
ዓሊበኺት ካብዚ ሐሊፉ እንታይ ክብል
ፈጣሪ ፍቓድካ ካብ ኮነ ውሉድካ ይቀበል..
ተዘኪሩኒ በቲ ልዙብ ልሳንካ ክትብል ስመር
ወየ እንዳ በልኩ ንዓሊበኺት ዓንዶም ክዝክር
ብሽም ኩሉ ደላይ ፍትሒ ወዲ ሃገር
ዓሊበኺት ወየ እንዳ በልኩ ክፋነወካ እንበር..

*ንምሉኣት ንስድራቤትን ንዋዕሮ በዓልቲ ቤቱን ጽንዓት ጠሊ ንመዋቲ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ፡ ንምንቅስቓስ ስምረት ኤርትራዊያን ንድሕነት ሃገር፡ ሕድሪ ቀዳሞት ዳሕረዎት ተቐቢልኩም፡ ልቦና ናይ ዓሊበኸት ዓንዶም ተኸትልኩም ብስኒት ናብ ጎደና ሓርነት ምምራሽ ጥራይ እዩ ለበዋይ ንዓኹም፡፡ዘለኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንጅጋኑ ሰማእታትና፡፡*

*ብምኽንያት ዕረፍቲ ዓሊበኺት ዓንዶም መግለጺ መሪር ሓዘን፡ ብሽም*

*ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ*

*ግንቦት 11 05 2017 ብበርሀ ዑቑባዝጊ ሃገር ጀርመን፡፡*